Australian Government
Department of Home Affairs

# ናይ ናጻ ኣገልግሎት ትርጉም

## ለውጢታት ኣብ ኣገልግሎታት ብምኽንያት ኮቪድ-19

ኣብ እዋን ኩነታት ኮቪድ-19 ነቶም ትሑት ፍልጠት ወይ ፈጺሞም ናይ ቋንቋ እንግሊዝኛ ፍልጠት ዘይብሎም ብቑዕ ኣገልግሎት ምትርጓም ክረኽቡ ኣገዳሲ እዩ።

እንተደኣ ሃልዩ ህዝቢ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ክጥቀም ኣለዎ።

ብዛዕባ **ኮቪድ-19 ን ምልከታቱን** ንኽትፈልጡ ኣብዚ መላግቦ ከፈቱ።

## ነጻ ናይ ትርጉም ኣገልግሎታት እንታይ እዩ?

ነጻ ናይ ትርጉም ኣገልግሎት ንምርካብ:

- ኣብ ኣውስትራሊያ ክትህሉ ኣለካ
- መዲኬር ካርድ ክህልወካ ኣለዎ ፡ ከምኡውን
- ክእለት ቋንቋ እንግሊዝኛኻ ትሑት ክኸውን ኣለዎ

## ነጻ ኣገልግሎት ትርጉም ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?

ኣብ ክንዳኹም ኮይኖም እዞም ዝስዕቡ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ናይ ነጻ ኣገልግሎት ምትርጓም ክረኽብልኩም ይኽእሉ:

- ናይ ውልቂ ሓኻይም ጥዕና
- ፋርማቻታት
- ዘይመንግስታዊያን ትካላት
- ትካላት ኣካረይቲን ኣሻየጥቲን ገዛውቲ
- ሰብ መዚ ናይ ከባቢ መንግስቲ፡ ከም ናይ ከባቢ ካውንስላት
- ማሕበር ሰራሕተኛታት; ከምኡውን
- ኣባላት ፓርላማ

ብዛዕባዚ ኣገልግሎታት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ **ኣብዚ** መላግቦ ብጽሑ::.

እዞም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለዉ ወሃብቲ ኣገልግሎታት፡ ብቛንቛኹም ሓበሬታን ምኽሪን ምርካብኩም ንምርግጋጽ፡ ኣብ ዉሑድ ደቓይቕ ብተለፎን ምስ ተርጓሚ የራኽብኹም።

## ተርጎምቲ

ሃገራዊ ናይ ትርጉም ስራሕ ኣፍልጦ ዝህብ በዓል መዚ ወይ ብናይ እንግልዚኛ ብሓጺሩ NAATI ተባሂሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እዚ ትካል ኣፍልጦ ዝሃቦም ተርጎምቲ እዮም ነዚ ናይ ትርጉም ስራሕ ዝሰርሑ። እዞም ተርጎምቲ በቲ ክኢላታት ዝሕተትሉ ብሞራላዊ ሕጊታት ዝቕየዱ እዮም፥ እቲ ሕጊ በዚ ዝስዕብ ክሰርሑ የሓቶም።

- ሓበሬታ ብልክዕን ብቕንዕናን ምትርጓም
- ምስጢር ምዕቃብ
- ዘይወገናዊን ውድዓዊ ምዃን; ከምኡውን
- ኣብ ኩሉ እዋን ስራሕ ብናይ ኪኢላዊ ባህሪ ምዝውታር

ፖሊሲ ናይ ነጻ ኣገልግሎት ትርጉም ነቶም ዝለዓለ ናይ ምትርጓም ተመኩሮ ዘለዎም ምጥቃም እዩ ዝሓትት። በዚ ምኽንያት ንፍሉያት ተርጎምቲ ምሕታት ኣይተባባዕን እዩ።

## ናይ ነጻ ኣገልግሎታት ትርጉም ዘቕርቦም ኣገልግሎታት እንታይ እዮም?

- ቅጽበታዊ ናይ ተለፎን ምትርጓም። እዚ ኣገልግሎት ነቶም መደብ ዘይነበሮም ምትርጓም ኣዚዩ ጠቓሚ እዩ። ዝህቦ ኣገልግሎት፥
    - ንልዕሊ 3,000 ተርጎምቲ ብምርካብ ብናይ ልዕሊ 160 ቋንቋታት ኣገልግሎት ይህብ
    - ናይ 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ 7 መዓልታት ኣብ ሰሙን ኣገልግሎት ምትርጓም
    - ኣብ ዉሽጢ ዉሑድ ደቓይቕ ብምድዋል ምስ ተርጓሚ ምርኻብ
- ኣቐዲሙ ዝተመደበ ናይ ተለፎን ኣገልግሎት ምትርጓም
    - መደብ ሒዝካ ዝግበር ምትርጓም ጠቓሚ እዩ, ወይ እንተደኣ ልሙድ ቋንቋ ዘይኮነ ትሓትት እንተለኻ